# ምህናጽ ጥዕና ካብ ንኡስ ዕድመ

Tigrigna



RÉPUBLIQUE ET CANTON DE NEUCHÂTEL

# ንስድራቤትን ንህጻናትን ዝተዳለወ *ጽሑፋዊ መግለጺ



## ዝተረኽበ ምንጭታት ንኣሽቱ ቆልዑ ንዘለዎም ስድራ ቤት ኣብ ኣውራጃ ኑሻቴል

ምህናጽ ጥዕና ንኽትውሃሀዶ ትኽእል ኩነታት ናይ ህይወት ብምፍጣርን ምቹእ ዝኾነ ኣገባብ ናይ ጥዕና ንምሕላውን ይሕብር።ነዚ ብተግባር ንኽተውዕሎ ካብ ንኡስ ዕድሞ እቲ ዝሓሸ ግዜ እዩ። ኣብ እዋን ጥንስን፣ኣብተን ናይ መጀመርያ ኣዋርሕን ዓመታትን ናይ ህይወት፣ህጻናት ቅልጡፍ ዝኾነ ዕቤትን ካብ ከባቢኦም ዝመጽእ ተጽዕኖን የርእዩ።ፈለማ ዘሕልፎ ተመክሮታት ንቆልዓ ንመጻኢ ናይ ጥዕና ህይወቱ ጽልዋ ኣለዎ።( ዓለማዊ ውድብ ናይ ጥዕና 2009)

ኣብ ካንቶን ናይ ኑሻቴል፣ዝተፈላለያ ውድባት ንምስራት ጥዕና ቆልዑ ካብ 0 ክሳብ 4 ዓመት ዝተወፈያ እየን።ንወለዲ ንጥዕናን ትምህርትን ደቆም ንምዕባለ ብዝምልከት ሕቶ ንምምላስን በብዓይነቱ ሓገዛትን ይቅርባ።

ወለዲ ነዚ ምንጭታት ጽቡቅ ገይሮም ንኽፈልጥዎን ብቀሊል መገዲ ንኽበጽሖምን ብኣገልግሎት ህዝባዊ ጥዕና ነዚ ጽሑፋዊ መግለጺ ኣዳሊዎ።

እዚ ጽሑፍ ብፈረንሳይን ካልእ ብዙሕ ቋንቋታትን ተዳሊዩ ኣሎ።
ምናልባት ክትእዝዝ ወይ ድማ ኤለክትሮናዊ ትርጓሜ ካብዚ ስፍራ ተውርዶ www.ne.ch/promotionsante.

# ትሕዝቶታት

## ከኢላታት ናይ ጥዕና


ናይ ህጻናትሓኪም 4
መሕረስቲ (መውለዳን) 4
ሕክምና ኑሻትል- ክፍሊ መውለዲ 5
ማእከል ጾታዊ ጥዕናን -ውጥን ስድራቤትን 6


## ፍሉይ ኣገልግሎታት


ማእከል ምክንኻን ህጻናት ቀይሕ መስቀል 7
ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ህጻናት 8
መሰረትካርፉር AEMO ካብ 0 ክሳብ 18 ዓመት 9
ኣገልግሎት ነፍሳዊ -ትምህርቲ ናይ ቀይሕ መስቀል ማእከል 10
ተጓዓዓዚ ትምህርታዊ ኣገልግሎት 11
ማእከል ናይ ሲኮሞትሪሲቴ 12
ማእከል ሳይካትሪ ናይ ኑሻቴል፣ንህጻናትን መንእሰያትን 13
ንስደታኛታት ስድራቤት ዝግበር ኣገልግሎታት 14


## መእንገድን መውዓለ ህጻናትን


ኣገልግሎት መውዓለ ህጻናት ኣብ ገዛ ናይ ቀይሕ መስቀል 15
ንወለድን ሕጻናትን መኣንገዲ ቦታታት 16
መእንገዲ ናይ መዓልቲ 17



## ካልእ ዝጥቅም ኣድራሻታት 18

## ቁጽርታት ናይ ህጹጽ 20

# ክኢላታት ናይ ጥዕና

## ናይ ህጻናት ሓኪም

ናይ ህጻናት ሓኪም፣ንሱ ንናይ ደቅኹም ጥዕና ትውከስዎ ሓኪም እዩ።ንዝተወሰነ ግዜ ንደቅኹም ይከታተሎም እምነት ዘለዎ ርክብ እውን ክፍጠር ይክእል እዩ።ኣብ ዘድልየኩም ኣጋጣሚ ብሕቶታት ንኽትውከስዎ ድሕር ኣይትበሉ።

ኣብዚ መስመር
www.ne.ch/autorites/DFS/SCSP/Pages/NeMedReg.aspx
ናይ ሓካይም ዝርዝርን ብፍላይ ድማ ወግዓውያን ሓካይም ናይ ቆልዑ ኣብዚ ኣውራጃ እዚ ትርኽብዎም።

## መሕረስቲ (መውለዳን )

መሕረስቲ ንእንስቲ ኣብ ግዜ ጥንሰንን ሕርሰንን ምኽሪን ክንክንን ብምሃብ የተባብዓ።ኣብ ሕክምና ወይ ድማ ብግለን ይሰርሓ።ናይ ጥንሲ ምኽርታትን፣ቀጻሊ ብምክትታልን፣ብዛዕባ ንምውላድ ዝግበር ምቅርራብ የረጋግጻ።ኣብ ሕክምና፥ ኣብ መሕረሲ ገዛ፥ ወይ ኣብ ገዛእ ብመሕረሲት ስርሕን የተግብረኦ ።

ድሕሪ ሕርሰን ድማ ኣብ ትምህርቲ ናይ ምጥባውን፣ምክንኻን ህጻንን፣ኣምጋግባን የሰንየእን፣መውልዳን ኣብ ትሕዝቶ ናይ ስነ-ጥዕና ዓቢ ተራ ይጻወታ። ትምህርትን ዝተፈላለየ ኮርስ (ብምድራዝ ብምልዓል ወዘተ...)። ኣብቲ ትቅመጦ ኣውራጃ መውለዳን ንኽትረክብ ኣብ ታሕቲ ተጥቂሱ ዘሎ መርባብ ሓበሬታ ተወከስ፣ወይ ድማ ካብ ሓኪምካ ምኽሪ ሕተት።

## መሕረሲተይ ኣብ ገዛይ ኑሻቴል

Né-Sens, Association neuchâteloise des sages-femmes à domicile
Ch. de la Toraille 1, 2027 Fresens, 079 280 48 28

## ፌደረሽን ስዊስ ናይ መሕረስቲ

Fédération suisse des sages-femmes
www.hebamme.ch

ወጻኢታት ናይ ሓገዝት፣ ዝለዓለ ክፋል ብመውለዳን ዝቅረብ ሓገዛት ብመረታዊ ውሕስነት (LAMal) ዝከሓስ እዩ። ሓበሬታት ብዝርዝር ኣብዝሬኢ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቤት ጽሕፈት ፌደራላዊ ህዝባዊ ጥዕና(OFSP)፣ www.bag.admin.ch (ቴማ *ውሕስነት ጥዕና* ፣ « Prestation » ድሕሪኡ ምረጽ « prestations en cas de maternité et de naissance » ወይ « FAQ » ብቴማ ድሰይ « Assurance maladie » ትሕቲ ቴማ ድሰይ « Prestations en cas de maternité »)

# ክሊላታት ናይ ጥዕና

## ሆስፒታል ኑሻቴል ክፍሊ-መውለዲ (ማተርኒቴ) Hôpital neuchâtelois

ኣብ እዋን ጥንሲ ስርሕተኛታት ክፍሊ መውለዲ ናይ ጥንሲ ምኽርታት ፤ናይ ምውላድ ምቅርራባት ኣኼባታት ይገብሩ፣ ብተወሳኺ ናይ ኣኩፓንክቸርን(**ብመራፍእ ዝግበር ሕክምና**) ናይ ዕንዛዘን ምኽርታት ይህባ።ናይ ሓደ ሰዓት ቆጸራ ምስ መሕረሲት ብዝያዳ ኣብ መደብ ናይ ምውላድ ሓሳብ የምጽእ።ብዝኾነ ዘጋጥም ከቢድ ኩነታት ናይ ስድራቤት ፤ስጉምቲ ኽዉሰደሉ ንዘድልይ መሕረስቲ ንኽማኽራን ንኽትባብዓን ድልዋት እየን።ኣብ ግዜ ሕርሲ፣ንነፍሲ ወከፍ ነብሰ-ጾር ውልቃዊ ምክትታል፣ሕክምናዊ ክንክን፣ካልእ ኣማራጺታት  ከም መራፍእ፣ባስካ፣ብምድራዝን ካልእ ዝተፈላለየ ኣቀማምጣ ንሕርሲ እውን ይከኣል እዩ። እታ እተሰንየን ድማ ክሳብ እቲ ድሕሪ ሕርሲ ኣብ ክፍሊ መውለዲ ዝቅመጣሉ ግዜ ንወለዲ ኣብ ሓድሽ ተመክረኦም ምስቲ  ህጻን ኣብ ጎኖም ትኸዉን።ድሕሪ ናብ ገዛ ምምላስ  ኣብ ዝድልየኩም እዋን ምስ ክፍሊ መውለዲ (ማተርኒቴ) ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## Hôpital neuchâtelois

Pourtalès, Maladière 45, 2000 Neuchâtel, 032 713 33 07
www.h-ne.ch/hospitalisation-sejour-maternites-pourtales

ዋጋ ንኩነታት ናይ ምላስ ሓገዛት ብናይ መሰረታዊ ውሕስነት (LAMal) ይመሓላለፍ።



# ክኢላታት ናይ ጥዕና

## ማእከል ናይ ጾታዊ ጥዕናን ውጥን ስድራቤትን

ማእከል ናይ ጾታዊ ጥዕናን ውጥን ስድራቤትን ዝጠቅም ሓበሬታትን፣ ንኹሉ ምስ ጾታዊ ጥዕና ርክብ ዘለዎ ሕቶታት ንኣብነት፡-ከም ጾታዊ ርክብ፣መከላኸሊ ጥንሲ፣ዝመደብካዮን ከይመደብካዮ ዚጋጥም ጥንሲ ፣ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ብከላ፣ኣንፈት ናይ ጾታዊ ርክብ ንምፍላጥ፣ዓመጽን፣ፍርያምነት ወላድነት፣ወዘተ ምስናይን፣ ምትብባዕን ይህባ።

ንኹሉ ብዘይ ኣፈላላይ ናይ ዕድመን፣ጾታን፣ሲቪላዊ ኩነታታትን፣ሃይማኖትን፣መንነትን ወይ ኣብ ጾታዊ ርክብ ዘለካ ኣረኣእያ ፣ብግልኻ ወይ ድማ ምን መጻምድትኻ ወይ ድማ ብጉጅለ ንኽሕግዝ ድልዋት እየን። እቲ ኣኼባታት ብዘይ ዋላ ሓደ ክፍሊትን ምስጢራውን እዩ።

## Centre de santé sexuelle-planning familial
Rue Saint-Maurice 4, 2000 Neuchâtel, 032 717 74 35
sante.sexuelle.ne@ne.ch, www.sante-sexuelle-ne.ch

**መቀበል ኣጋይሽ** ፥ ሶኒ፣ ሰሉስን ሮቡዕን ካብ 13h ክሳብ 18h፣ ሓሙስ ካብ 17h ክሳብ 19h ፣ዓርቢ ካብ 14h ክሳብ 18h።

**ዋጋ** ፥ቆጸራታትና ብነጻ እዩ፣ህጹጽ መከላኸሊ ጥንሲ ዋግኡ 12.-CHF ናይ ጥንሲ መርመራ ድማ 10.-CHF ፡፡ሽግራት ምስዝህልው ክንዘራረብ ንኽእል ኢና።

## Centre de santé sexuelle-planning familial
de La Chaux-de-Fonds et du Locle
Rue Sophie-Mairet 31, 2300 La Chaux-de-Fonds, 032 967 20 91
sante.sexuelle.vch@ne.ch, www.chaux-de-fonds.ch/sante-sexuelle

**መቀበል ኣጋይሽ** ፥ ናይ ስራሕ ሰዓታትና ፣ ብቆጸራ ይኹን ብዘይ ቆጸራ፣ ኮንትሮል ምስ ናይ ማህጸን ሓኪም ብቆጸራ እዩ።

**ናይ ስራሕ ሰዓታትና፥** ሶኒን፣ሮቡዕን ካብ ሰዓት 12 ክሳብ ሰዓት 18 ፣ ሰሉስን ዓርቢን ካብ ሰዓት 15 ክሳብ ሰዓት 18።

**ዋጋ፥** ቆጸራታትናን ህጹጽ መከላኸሊ ጥንስን (ንናይ ጽባሒቱ ከኒና) ብነጻ እዮም። ካብ ሓኪም ዝእዘዝ መከላኸሊ ጥንስን መርመራ ናይ ማህጸን ብተመጣጣኒ ዋጋ እዩ።

**ካብ 20 ዓመት ንታሕቲ ፥** 15.-CHF ሓኪም ንኽእዝዘልካ 22.-CHF ኮንትሮል ምስ ናይ ማህጸን ሓኪም።

**ካብ 20 ዓመት ንላዕሊ፥** 30.-CHF ሓኪም ንኽእዝዘልካ 22.-CHF ኮንትሮል ምስ ናይ ማህጸን ሓኪም።

ምስጢራዊ ንኽከውን ኣድላይ እንተዘይኮይኑ፣እቲ ክፍሊት ናብ ናይ ጥዕና ውሕስነት ክለኣኽ ይከኣል እዩ።

# ፍሉይ ኣገልግሎታት

**ማእከል ምክንኻን ህጻናት ናይ ቀይሕ መስቀል**

ማእከል ምክንኻን ህጻናት ናይ ቀይሕ መስቀል ንህጻናትን ቆልዑን ክሳብ 4 ዓመት ንዘለዉ ምኽርታት ይህቡ። ከምኡ'ውን ንወለዲ ምኽርታት ይህቡ።እቶም ተሓጋገዝቲ ሓካይም እዚ ዝስዕብ ኣርእስትታት ምስ ወለዲ የለዓዕላ፥:ምጥባውን ምሕዳግ ጡብን ፣መግብን፣ድቃስ፣ ምዕባለ ናይ ኣእምሮን ፣ክንክንን፣ትምህርትን ናይ ደቆም ከምኡ ድማ ጥንቃቀ ናይ ስኒን ኣብ ገዛ ኪጋጥም ዝኽእል ሓደጋታት ወዘተ፣ርክባትን ተግባራትን ብደረጃ ናይ ስድራቤት ።

**032 886 88 66 ብተሌፎን ንምዝርራብ ኣብ ኩሉ ኣውራጃ ፣ካብ ሰኑ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 8 ክሳዕ ሰዓት 9።**

puericulture@croix-rouge-ne.ch, www.croix-rouge-ne.ch

Centre de puériculture de Neuchâtel
Avenue du 1er Mars 2a, 2000 Neuchâtel

Centre de puériculture de La Chaux-de-Fonds
Rue de la Paix 71, 2300 La Chaux-de-Fonds

**መቀበል ኣጋይሽ** እዚ ኣኼባታት ኣብ ብዙሓት ከትማታትን ዓድታትን ናይዚ ካንቶን ይርከብ። ብተሌፎን እውን ምስ ወለዲ ምዝርራብ ይከኣል እዩ። ኣኼባታትና ብዘይ ቆጸራታት ከምቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተጥቂሱ ዘሎ ሰዓታት www.croix-rouge-ne.ch , ኣርእስቲ « familles et enfants/puériculture ».



# ፍሉይ ኣገልግሎታት

### ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ህጻናት

ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ህጻናት ማሕበራውን ትምህርታውን ጸገማት ምስ ዘጋጥም ንስድራ ቤት መሰነይታ ይገብረሎም ። እዚ ኸኣ ብፍቃድነት ወይ ድማ ብውክልና እዩ። ብማዕረ ድማ ኣማኻሪ ማእከል ኣውራጃ ንኹሉ ዘይግቡእ ኣተሓሕዛ ህጻናት እዩ።

Office de protection de l'enfant, Équipe des Montagnes
Rue du Rocher 7, 2300 La Chaux-de-Fonds, 032 889 66 45

Office de protection de l'enfant, Équipe Littoral est et Val-de-Ruz
Faubourg de l'Hôpital 36, 2000 Neuchâtel, 032 889 66 40
www.ne.ch/autorites/DEF/SPAJ/protection-enfant

**መቀበል ኣጋይሽ** ፥ ኣብ ናይ ሰራሕ ሰዓታት ኣባላት ናይ ምክልኻል ህጻናት ንስድራ ቤትን ቆልዑን ብተሌፎን ምኽርታት ንምሃብ ድልዋት እዮም።

# ፍሉይ ኣገልግሎታት

## መሰረት ካርፉር

AEMO (Action éducative en milieu ouvert ትምህርታዊ ስጉምቲ ኣብ ዝተኸፍተ ማእከል) ፍልይ ዝበለ ኣገልግሎት ናይ ተዛዋሪ ትምህርትዊ መሰነይታ እዩ።
ንኹሎም ወለድን ደቆምን ካብ 0 ክሳብ 18 ዓመት ንዘለዉ ይምልከት፣ናይ ትምህርት ሽግራት ምስ ዘጋጥም፣ ርክባዊ ማሕበራዊ ወይ ኣብ ናይ መዓልታዊ ከም ወላዲ መጠን ንተተግብሮ ምትብባዕ ንዘድልዮም እዩ።እቲ መሰነይታ ውልቃዊ እዩ ከምቲ ስድራ-ቤት ዝደልይዎ ዝተሃንጸ እዩ።AEMO ነዚ ዝስዕብ ይሕግዘካ :-

- ምልላይ ምርዳእን ናይ ቆልዑን ናይ መንእሰያትን ድሌት ንምጥቃም ኣካላዊን ፣ኣእምራውን ማሕበርውን ስምዒታውን ምዕባለኦም ፣
- ምብርታዕ ትምህርታዊ ብቕዓት ናይ ወለዲ ፣
- ኣብ ሞንጎ « ወለድን ደቆምን » ርክባት ንምፍጣር ምትብባዕን ምዕቃቡን፣
- ኣብ መዓልታዊ ህይወት ዘጋጥም ሽግራት ፍታሕ ንምድላይ
- ማሕበራዊ ርክባት ንምርባሕ

ናይ ምርኻብ መደባትና ኣብ ገዛ ወይ ድማ ኣብ AEMO እዩ ፣ንወለድን ቆልዑትን ንመንእሰያት ንምስማዕን ፣ኹሉ ምስቶም ዝትፈላለዩ መሻርኽትና ብምትሕብባር ይኸውን። መሰነይትና ብግዜ ዝተወሰነ እዩ።

AEMO Peseux
Place de la Fontaine 4, 2034 Peseux, 032 886 89 11
aemo@ne.ch

AEMO La Chaux-de-Fonds
Avenue Léopold-Robert 51, 2300 La Chaux-de-Fonds, 032 886 88 99
aemo.cdf@ne.ch, www.fondation-carrefour.net

**ዋጋ** እዚ ዝኾነ ፋይናንስያዊ ምስታፍ ኣየድልዮን እዩ፣ብመንግስቲ ናይ ኑሻቴል ብቑሩብ ድማ ብበት ጽሕፈት መከልኻል ህጻናት ዝምወል እዩ።

**መቐበል ኣጋይሽ** ብቆጸራ እዩ። ብተሌፎን ንምዝርራብ ቤት ጽሕፈት ኣብ ዝኽፈተሉ ሰዓታት.

# ፍሉይ ኣገልግሎታት

## ኣገልግሎት ነፍሳዊ ትምህርቲ ናይ ቀይሕ መስቀል (0 ክሳብ 18 ዓመትን ንላዕልን)

ኣገልግሎት ነፍሳዊ ትምህርቲ (SPE)ዝተፈልየ ሓገዛት ጸገማት ንዘጋጥሞም ስድራ ቤትን ቆልዑትን መንእሰያትን መሰነይታ ኣብ ገዛ ትቅርብ። ጸገማት ናይ ምውህሃድ ንዘጋጥሞም ኣብ ገዛን ኣብ ጎድኒ ከባቢ ናይቲ ቆልዓ ስድራቤቱን ፣ናይ ኣገልግሎት ነፍሳዊ ትምህርቲ ጣልቃ ብምእታው የረጋግጽ። ናይ ባህሊ ጸገማትን ከምኡውን ኣስተምህሮኣዊ ሽግራትን ፣ስድራበታዊን ፣ ማሕበራዊን፣ትምህርታውን ነፍሳዊ-ማሕበራዊን ጉድለታትን ፣ጭንቀታትን፣ ዓመጽን ዘሎ ኩነታት የለዓዕል። ዝካየደሉ ድማ ኣብ ገዛ ኮይኑ ንሱ ድማ ኣብቲ ዘጋጠመ ሽግር ምስ ኩሎም ኣባላት ናይ ስድራቤት ብቁሩብ ምትሕብባር እዩ፣ እዚ ኸኣ ክገብርዎ ንዝኽእሉ ብምትብባዕን ብልሓቶምን ንምምሕያሽ ስድራ-ቤታዊ ብቕዓቶምን ርእሰ ምምሕዳር ንምዕቃብን እዩ።

እቲ ኣኼባታት ብዙሕ ግዜ ኣብ ሰሙን በብክልተ ወይ ድማ በይንኻ ምስ መምህር ወይ ስነ ኣእምሮኛ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ወይ ድማ ብሓንሳእ ይካየድ። እዚ ስራሕ ምስ ንእሽቶ ምምትሕሓዝ ምክልኻል ህጻናት ይግበር፣እዚ ግን ብምኽባር ጠለባትን ርድኢት ናይ ነፍሳዊ-ትምህርቲ ከምኡዉን መምርሒታት ናይ ቀይሕ መስቀል እዩ።

## Service Psycho-éducatif, Soutien familial et aide à l’intégration

Croix-Rouge Suisse - Canton de Neuchâtel
Site de La Chaux-de-Fonds
Rue de la Paix 71, 2300 La Chaux-de-Fonds, 032 886 88 60
www.croix-rouge-ne.ch/accueil/familles-et-enfants/psycho-educatif/

**ዋጋ፥** ዝኾነ ተዋጽኦታት ናይ ገንዘብ ካብ ስድራ ቤት ኣይሕተትን እዩ።እዚ ሓገዛት ብኣገልግሎት ህዝቢ (ክፍሊ ትምህርትን፣ ፣ስድራቤትን ብማእከላዊ ኣግርልግሎት ምክልኻል ዓበይትን መንእሰያትን) ዝምወል እዩ።

**መቀበል ኣጋይሽ** ብተሌፎን ንምዝርራብ ቤት ጽሕፈት ኣብ ዝኸፈተሉ ሰዓታት.

# ፍሉይ ኣገልግሎታት

## ተንዓዓዚ ትምህርታዊ ኣገልግሎት

ተንዓዓዚ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ዝተፍልየ ቅድመ-ብሱል ትምህርቲ፣ኣብ ኩነታት ናይ ስድራ ፣ንኹሎም ህጻናት ካብ 0 ክሳብ 6 ዓመትን ዘለዉ ስንኩላን፣ ናይ ምዕባይ ምድንጋይ ወይ ምዕባለ ዘይርኣየሎምን ውሱን ዝኾነን፣መሰነይታ ይህብ። ዝተፍልየ ቅድመ-ብሱል ትምህርቲ፣ ትምህርታዊ ስጉምትታት ስነ- ምምህርናዊ ጉጅለ ዘጠቓልል ንምምሕያሽ ኽእለትን ምዕባለን ናይ ህጻናትን  ዝተዘወፈየ እዩ።
ንስድራ ብምስናይን ኣብ ገዛ ናይቲ ንህጻን ርእይቶ፣ንቅድምያ ምክልኻል፣ ንትምህርትን ምትብባዕ ብቑዕ ዝኾነ ምንቅቓሕ ይቅርባ ።

**SEI, Service Éducatif Itinérant**
Saars 131, 2000 Neuchâtel, 032 710 15 02
www.perce-neige.ch/index.php/service-educatif-itinerant

**ዋጋ** መሰነይታ ንስድራ ብነጻ እዩ። እቲ ጠለብ ናይ ስድራ ብሓኪም፣ብመምህራን፣ማሕበራውያን ፣ተሓጋገዝቲትን ፣ፍሉያት ሓከምትን ክመጽእ ይኽኣል እዩ። ቤት-ጽሕፈት ናይ ፍሉይ ስነ ምምህርና ፍቓድ ናይ መሰነይታትት ውሳኔ ይህብ።

**መቀበል ኣጋይሽ** ፣ ብተሌፎን ዝርርብ ግበሩ



# ፍሉይ ኣገልግሎታት

## ማእከል ናይ ሳይኮሞትሪሲቴ

ማእከል ናይ ሳይኮሞትሪሲቴ ካንቶናዊ ማእከል ናይ መመመዪን፣ምክልኻልን ሕክሚናዊ ሳይኮሞትሪሲቴ ካብ 0 ክሳብ 18 ዓመት ዘለዎም ህጻናትን መንእሰያትን ናይዚ ኣውራጃ ይምልከት። ሕክሚናዊ ሳይኮሞትሪሲቴ ክረዳድኡ ጸገም ንዘለዎም፣ ክገልጹን፣ንከተግብሩ ኣካላዊ ጸገማት ንዘርእዩ ኣብ ኹሉ ዕድመ ንዘለዉ ሰባት ይምልከት። ናይ ምምኻር ቦታ ኣብ ኩሉ ኣውራጃ ይርከብ።

Centre de psychomotricité
Secrétariat, Rue de l'Écluse 67, 2000 Neuchâtel, 032 889 49 64
http://www.ne.ch/autorites/DEF/SEEO/psychomotricite/Pages/accueil.aspx



# ፍሉይ ኣገልግሎታት

## ማእከል ኑሻተል ናይ ሳይካትሪ፣ቆልዑትን መንእሰያትን (CNPea)

ክፍሊ ናይ ሳይካትሪ ናይ ቆልዑትን መንእሰያትን ናይ ማእከል ኑሻተል ንቆልዑት ንካብ 0 ክሳብ 18 ዓመት ንዘለዉን ንወለዶምን ይምልከት።ንብነፍሳዊ ጸገማት ዝሳቀዩ ቆልዑትን መንእሰያትዑን ዓቢ ናይ ክንክን ደገፍ ብምውፋይ ሓላፍነት ይወስዳ።

ንኹሎም ቆልዑትን ወለዶምን ካብ 0 ክሳብ 6 ዓመት ንዘለዎም ከምኡ'ውን ኣብ ጸገም ንዘለዋ ነብሰ-ጾራት ደቂ ኣንስትዮን ንበዓል-ቤተንን ፣ብክኢላታት ጉጅለ ዝተረጋገጸ ምኽርታት ናይ መዲኮ-ፕስይኮሎጂክ ይውፍዩ።ርእይቶን ፣ፍሉይ ክንክን ንነኣሽቱ ቆልዑ፣ንወለዲ ድማ ምትብባዕ ይህብ።

CNP Enfance et adolescence
Consultation ambulatoire enfant et adolescent et guidance infantile
Rue du Vieux-Châtel 20, 2000 Neuchâtel, 032 755 23 11
ea-ln2.ca@cnp.ch

CNP Enfance et adolescence
Consultation ambulatoire enfant et adolescent et guidance infantile
Rue du Parc 117, 2300 La Chaux-de-Fonds, 032 889 69 66
ea-mn.ca@cnp.ch

**ዋጋ** ኩሉ ሓገዛት ብLAMal ዝተኸፍለ እዩ።
**መቀበል ኣጋይሽ** ፣ ብቆጸራ

**ንስደተኛታት ስድራ ቤት ዝተዳለወ ኣገልግሎታት**



# ፍሉይ ኣገልግሎታት

## ናይ ኣዴታት መራኸቢ መርበብ

ናይ ኣዴታት መርበብ ብኣገልግሎት ባህላዊ ጥምረትን ቀይሕ-መስቀልን ዝተዳለወ መደብ እዩ።ብፍላይ ነተን ኣብ ማሕበራርዊ ተነጽሎ ዝርከባ ሓደሽቲ መጻእቲ ኣብዚ ኣውራጃ ይምልከት። ኣብ ሓደ ዓይነት ሸቀልቀል ዘለዋ፣ፍልይ ዝበለ ናይ ምልውዋጥን፣ ምስማዕን ግዜን የቅርቡለን። እዚ ምርኽኻብ ኣብ ሞንጎ መናእሰይ ኣዴታትን « ናይ ኣዴታት መራኸቢ » ንናይ ጥዕናን ፣ ትምህርትን ኣነባብራ ኣብዚ ኣውራጃ ብዝምልከት ሕቶታት ንኽውከሳ ምቹእ ግዜ እዩ ።

Réseau mères de contact
Croix-Rouge Suisse – Neuchâtel
Avenue du 1er Mars 2a, 2000 Neuchâtel, 032 886 88 60
www.croix-rouge-ne.ch

**ሬሲፍ**

RECIF ንኹለን ስደተኛታትን ስዊሳውያንን ደቀ-ኣንስትዮ፣ ምእሙን ዝኾነ መራኸብን መለዋወጢ ቦታ ንትደልይን፣ ንምውህሃድ ዘቃልል ተግባራዊ ዝኾነ ኣፍልጦን ክትረክብ ፣ማሕበራዊን ምሕዝነታውን ርክባት ክትፈጥር ንትደልይን ዝምልከት ማሕበር እዩ ።

**RECIF** ብማዕረ ኣብ ዓውዲ ፍልጠት ናይ ጥዕና፣ናይ ምክልኻል ስጉምትን፣ መረዳእታ ናይ ሓፈሻዊ ናይ ጥዕና ጸገማት ብዝምልከት፣ ምስ ኣብ ኣውራጃ ንሻተል ዝርከብ መርበብ ጥዕና ትነጥፍ። ኣብቲ ብ RECIF ዝውሃብ ናይ ቋንቋ ፈረንሳይ ትምህርቲ ፣ክኢላታት ናይ ጥዕና ሓንሳእ ኣብ ወርሒ ጣልቃ ይኣትዉ።

እታ ኣደ ክሳብ ናይ ቋንቋ ፈረንሳይ ትምህርቲ ትወስድ፣ ናይ ህጻናት ቦታ ናይ RECIF ካብ 4 ወርሒ ክሳብ 6 ዓመት ንዘለዉ ቆልዑ የእንግድ፣ብማዕረ ድማ ናይ ኣደን-ህጻናትን ንጥፈታትን ይሰርዓ።

RECIF
Rue de la Cassarde 22, 2000 Neuchâtel, 032 730 33 50
2000@recifNE.ch, www.recifne.ch

RECIF
Rue du Doubs 32, 2300 La Chaux-de-Fonds, 032 968 62 42
2300@recifNE.ch, www.recifne.ch

# መአንገድን መዉዓለ-ህጻናትን

## አገልግሎት መውዓለ ህጻናት ቀይሕ መስቀል ኣብ ገዛ (GED)

አገልግሎት መውዓለ ህጻናት ቀይሕ መስቀል ኣብ ገዛ፣ ንካብ 12 ዓመት ንታሕቲ ቆልዑ ዘለዎም ወለዲ ናይ ጥዕና ጸገም ዘጋጠሞም ወይ ከኣ ሓሓሊፎም ሽግራት ንዘለዎም ከተተባብዕ ከተጸናንዕን ትመጽእ ።ግዝያዊ መዉዓሊ ንደቆም ንዝደልዩ ፣ ወለዲ ክሰርሑ ከለው ንመን ኣሚኖም ነቲ ዝሓመመ ውላዶም ክህብዎ ኣብዘይፈልጡሉን ፣ ወይ ንሶም ባዕላቶም ምስ ዝሓሙን ፣ ብከቢድ ሽግራት ኣብ ዝሓልፉ እዋን ወይ ድማ ከምቲ ልሙድ ናብ ናይ መውዓሊ ኣገባቦም ክሙርኮሱ እንተዘይከኣሉ፣ናይ ቀይሕ መስቀል ተሓዝቲ ህጻናት ኣብ ገዛ ይመጻ ፣ ብቀይሕ-መስቀል ዝሰልጠና፣ ናይ ነዊሕ ግዜ ተመክሮ ዘለወን እየን።

## Service de Garde d’Enfants à Domicile
Croix-Rouge Suisse - Canton de Neuchâtel, 032 886 88 65

**ዋጋ** ብመሰረት ኣጠቃላሊ ናይቲ ገዛ ኣታዊ ። 20.-ፍራንክ ብተወሳኺ ናይ መጓዓዝያ ፣ብተወሳኺ እውን ናይ ፓርኪንግ ክፍሊት እንተልዩ። ዝኾነ ናይ ፋይናንስ ጸገማት ምስዝህልው ወይ ንተወሳኺ ርሒብ ሓበሬታት ንቀይሕ መስቀል ተወከሱ።

**ምቅባል** ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 8 ክሳብ 12 ብተሌፎን ተራኸቡ (ከምኡ'ውን ድሕሪ ቀትሪ ንህጹጽ ኩነታት ጥራይ ብፍሉይ ካብ ሰዓት 14 ክሳብ 17 ይኸውን) ።



# መእንገድን መዉዓለ-ህጻናትን

## መአንገዲ ቦታታት ንህጻናትን ወለድን

መአንገዲ ቦታ ንህጻናትን ወለድን፣ ኮርት ኤሸልን La Courte Echelle ትሮቲነትን Trottinette መአንገዲ ቦታታት እዮም። መራኸብን መካፈሊን ከፉት ናይ ህጻናት መዘናግዒ ቦታ ካብ ዝውለዱ ክሳብ 5 ዓመቶም ምስ ወለዶም ወይ ምስ ጽቡቅ ጌይርካ ትፈልጦ እኹል ሰብ ይመጽእ። ህጻናትን ወለድን ንምዝርራብ ፍቁድ ዝኾነ፣ ብዘይ ግዴታ፣ ዝተገንዘብዎ ነገር ንኸገልጹ ፣ኣብ ናይ መዓልታዊ ህይወቶም ሕቶ ዝኾኖም፣ እቶም ቆልዑ እውን ብህላወ ወለዶም ዝተኣማመኑሉን፣ ብጉጅለ ኾይኖም ንህይወት ኽፍትንዎን ኣብ ርእሶም ዘለዎም ተኣማምነትን ግምትን ንምምዕባልን ከፉት ህይወት ዘለዎ ቦታ ይረኽቡ።

## La Courte Échelle

Rue des Fausses-Brayes 3, 2000 Neuchâtel, 032 724 45 15
info@lacourteechelle.ch, www.lacourteechelle.ch

**ዋጋ** 3.- ፍራንክ ንስድራ ቤት።
**መቀበል ኣጋይሽ** ኣብ ትደልዮ እዋን ምምጻእ ይከኣል እዩ፣ብዘይ ቅድምያ ምምዝጋብ፣ ብመሰረት ኣብ ኢንተርኔት ተጥቂሱ ዘሎ ሰዓታትና ፣ህጻናት ክሳብ 5 ዓመት ንዘለዉ ነእንግድ።

## La Trottinette

Rue de la Serre 24, 2300 La Chaux-de-Fonds, 032 914 52 60
info@association-la-trottinette.ch, www.association-la-trottinette.ch

**ዋጋ** 3.- ፍራንክ ብዉሑዱ (ካብ Pro Juventute ሓገዝ ክትቅበል ይከኣል እዩ)።
**መቀበል ኣጋይሽ** ኣብ ትደልዮ እዋን ምምጻእ ይከኣል እዩ፣ብዘይ ቅድምያ ምምዝጋብ፣ ብመሰረት ኣብ ኢንተርኔት ተጥቂሱ ዘሎ ሰዓታትና ፣ህጻናት ክሳብ 4 ዓመት ንዘለዉ ነእንግድ።

# መአንገድን መዉዓለ-ህጻናትን

## መአንገዲ ናይ መዓልቲ

ኣብዚ ኣውራጃ፣ ንወለዲ ወይ ንናይ መጻኢ ወለዲ ንናይ ደቆም መውዓሊ ፍታሕ ንዝደልዩ ዝተፈላለየ ተኽእሎታት ትህብ።

## ስርዓተ መአንገዲ ተወሳኺ ስደራ፣

ኩሉ ኣገደስቲ ሓበሬታ ኣብዚ ናይ ኢንተርነት ገጽ ናይ ቤት ጽሕፈት መአንገዲ ተወሳኺ ስደራ l’Office de l’accueil extrafamilial (OAEF) ይርከብ።

www.ne.ch/accueilextrafamilial

## መአንገዲ ስድራ ናይ መዓልቲ

ኩሉ ኣገደስቲ ሓበሬታ ኣብዚ ናይ ኢንተርነት ገጽ ናይ ቤት ጽሕፈት መአንገዲ ተወሳኺ ስደራ l’Office de l’accueil extrafamilial (OAEF) ይርከብ ።

www.ne.ch/accueilextrafamilial
**ወይ ኣብ**
www.mamansdejour.ch

## ኣገልግሎት መውዓለ ህጻናት ቀይሕ መስቀል ኣብ ገዛ

ኣብ ገጽ 15 ተዋሂቡ ዘሎ ሓበሬታ ተመልከት ።

## ኣገልግሎት ኣላይ-ህጻናት ቀይሕ መስቀል

ቀይሕ-መስቀል ብማዕረ ናይ ኣላይ-ህጻናት ኣገልግሎት ትቕርብ፣ብእትህቦ ትምህርታዊ መሰልጠኒ ዝተዓወቱ ብመናእሰያት ዝተረጋገጸ እዩ። እዚ ንኽረኽቡ ዘገድሶም ወለዲ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ኣላይ ህጻናት ምስ ኣላይት ንኽተራኸቦም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።

Service de baby-sitting Croix-Rouge, 032 886 88 65
www.croix-rouge-ne.ch

# ካልእ ኣድራሻታትን ጠቃሚ ቦታታትን

## ማሕበር ትምህርቲ ሓይሊ ይህብ ኑሻትል

እዚ መርበብ ናይ ትምህርቲ ሓይሊ ይህብ ብዙሓት ማሕበራት፣ትካላት፣ዋኒንን ዓላምን ፣ንምትብባዕ ኣቦነት ዘጠቓልል እዩ። መእተውን መራኸቢ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባላት ኣብዚ ስፍራ ናይ ኢንተርነት ይርከብ፣

www.edf-ne.ch

## መልእኽትታት ንወለዲ ናይ ፕሮ ጁቨንቱት

መልእኽትታት ንወለዲ ናይ ፕሮ ጁቨንቱት ኣብዚ ስፍራ ይርከብ

www.projuventute.ch/Messages-aux-parents

ተግባራዊ ሓበሬታት ብዛዕባ ትምህርትን፣ መሰላትን ናይ ህጻን ፣ጥዕናን ይሓዝል።

## ፕላነት ጥዕና

ናይ ሓበሬታ ስፍራ ብዛዕባ ጥዕና ፣ትሕዝቶኡ ብስዊሳውያን ሓካይም ዝጸደቀ እዩ። ብውልቂ ዝመሓዳደር  መርበብ ሓበሬታናይ ኢንዱስትሪን ውሕስነትን

www.planetesante.ch

## ናይ ኣገልግሎት ህዝባዊ ጥዕና

ኣገልግሎት ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ዝትፈላለየ ዓውደ ፍልጠት ናይ ተግባራዊ ጥዕናዊ ፣ፖሎቲካዊ ናይ ኣውራጃ ይነጥፍ። ብፍላይ ድማ ንምክልኻልን ምህናጽን ጥዕናን ፣ ኣብዚ ኣቀማምጣ እዚ ፣ብዙሕ መደባትን ፣ንጥፈታትን ንህጻንነት ብዝምልከት ኣብ መስርሕ ይርከብ።

**Service de la santé publique**
Mme Lysiane Ummel Mariani, déléguée à la promotion de la santé
Rue Pourtalès 2
2000 Neuchâtel
032 889 52 19
www.ne.ch/promotionsante
lysiane.mariani@ne.ch

## ብምትሕብባር ምስ

## ቤት ጽሕፈት መአንገዲ ተወሳኺ ስድራ

ቤት ጽሕፈት መአንገዲ ተወሳኺ ስድራ ተራኡ መዚ ምሃብን ፣ ምኽትታልን ፣ ምምኻር ኣብ ሓባራዊ ናይ መአንገዲ ስርዓታት ንዘለዉ ህጻናትን ምርግጋጽ ውሕስነቶምን።

**Office de l'accueil extrafamilial**
Mme Christine Schurch Blant, cheffe d'office
Faubourg de l'Hôpital 34-36
2000 Neuchâtel
032 889 66 34
www.ne.ch/accueilextrafamilial

## ውክልና ናይ መናእሰይ

ውክልና ናይ መናእሰይ ኣውራጃዊ ፖለቲካ ናይ መንእሰይ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ሓላፍነት ኣለዎ።ተራኡ ፣ ንህዝቢ ብፍ ድማ ንመንእሰይ፣ብዛዕባ መሰል ናይ ቆልዑን ንኹሉ ሓበሬታትን ምኽርታትን መረዳእታ ንምሃብ እዩ።

**Délégué à la jeunesse**
M. Alex Pedrazzi
Faubourg de l'Hôpital 34
2000 Neuchâtel
032 889 85 41
www.ne.ch/autorites/DEF/SPAJ




## ካልእ ናይ ብህጹጽ ቁጽርታት

ማእከል ስዊስ ንሓበሬታትናይ ስነ-መርዚ፥
Centre Suisse d’information Toxicologique: **145**

ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ህጻናት
ጉጅለ ናይ ጎቦ፥ **032 889 66 45**

ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ህጻናት
ጉጅለ ናይ ገምገምን ናይ ቫል-ዴ-ሩን፥ **032 889 66 40**